ደቀ-40

ንምንቅስቃስ ኣጋዓዝያን ግዜ ዘምጸኦ ሓድሽ ምንቅስቃስ መሲሉ ዝረኣዮም ሰባት ኣለዉ ፣ እዚ ኸኣ ንእትዋሳኣሉ ዘለኻ ፖለትካ ታሪኻዊ ድሕረ ባይትኡ ከየጽናዕካ ምውሳእ ዝፈጥሮ ሽግር'ዩ፣ እዚ ኸኣ ዝድገም ዘሎ ጌጋ'ዩ።

ገድሊ ኤርትራ ካብ መፈለምትኡ ኣብ ዘካይዶ ዝነበረ ናይ ምንቅቓሕ ጎስጓስ ኣቃልቦ ዘይገበረሉ ዓቢ ጉዳይ ኒይሩ'ዩ ማለት ብዛዕባ'ቶም ኣብ ግዜ ጥልያን ንዚጋጠመ ዕስክርና ዝፈጠሮ ናይ መንእሰይ ሰራሕተኛ ዋሕዲ ንምዕጻው ፣ ቅድምኡ ምስ ራስ ኣሉላን ብራስ ኣሉላን ፣ ቅድምኡ ዘሎ ዘመንን ካብ ትግራይን ካልእን ኣብ ኤርትራ ናይ ዝሰፈሩን ዝተፋረዩን ፣ ዓደይ ዓደይ ምስ ኮነ ኣብ መንጎ ዓዲ ትውልደምን ዓዲ እንጀረኦምን ተቀርቂሮም ፣ ሓደ ምረጽ ምስ ኮነ ኣንድነት ዝመረጹ ፣ ዳሕራይ ወሊደኦም ኣብ ቃልሲ ናጽነት ዝተሰለፈ ወገን ብንጹር ሰለየልዓሎን፣ ብሕሉፍ ገበን ወለዶኦም ዝተበሳበሰን ዝዘኸተመን ዝደኸየን ዝተኸላበተን ኤርትራዊ ከምዘሎ ብጉቡእ መዚንካ ናይ ብሰልቲ ይቅረታ ደምዲምካ እቲ ጉዳይ ሓቁ ከም ዝረክብ ስለ ዘይተገብረ ፣ ንዳሕራዋይ ወለዶ ደቂ 40 ብመሰረት ትውልዶም ዝሕበኑ ዉፍያት ኤርትራውያን ሃገራውያን ምኟኖም ከስመዖም ከምዘለዎ ስለ ዘይተገብረ ፣ ትሕትና ከስመዖምን ክሕብኡን ገይርዎም'ዩ።

እቲ መሰረተ ትውልዱ ኤርትራ ዘይኮነ ፣ ኣብ ኤርትራ ተወሊዱ ዝዓበየ ፣ ንኤርትራ ሂወቱ ዝሃበ ዝተበጀወ ካብ'ቲ “ ብመሰረቱ ” ኤርትራዊ ኾይኑ ጸሬ ናጽነት ኤርትራ ዝሰረሔ ጸሬ ምዕባለ ዓድን ሰብን ዝኾነ ባእታ ከም ዝበልጽ ኣብ ኣተሓሳስባ ኤርትራውያን ቦታ ንክሕዝ ክስራሓሉ ይግባእ ነይሩ።

”ብመሰረቱ ኤርትራዊ“ ትብል ኣበሃህላ ጥንቅቅ ኢልካ ክትረኤ ዘለዋ ኣበሃህላ'ያ፣ ምኽንያት እዚ ኣበሃህላ'ዚ ዝምድናዊ ኣገላልጻ ዳኣምበር ፣ ፍጹም ኣበሃህላ ስለ ዘይኮነ።

ኣብ ክሊ ናይ ሓደ ከባቢ መሰረት ኣለዎ ክንብሎ እንኽእል ብዙሕ ዘይተንቀሳቀሲ ነገራት ኣሎ ፣ ንኣብነት እምባሶይራ - ሩባ ባርካ - ሩባ ዓንሰባ .......... ኣብ'ታ ደሓር ከም ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ብመግዛእቲ ደረታ ዘፍለጠት ሃገረ ኤርትራ መሰረት ዘለዎም ኢልካ ክዝረብ ይከኣል ፣ እንተ ሰብ ግና ከም ብባህሪኡ ተንቀሳቃስን ተዋሳብን ምኟኑ መጠን “ ኣብዚ ዝመሰረቱ“ ኢልካ ምዝራብ ኣሸጋሪ'ዩ።

ወዲ ሰብ ካብ ጥንቲ ንማይን ሳዕርን ክብል ኮለል ዝብል ዝነበረ ፍጡር'ዩ። ሃገራት ቆይመን ብዶባት ምስ ተሓጽረ'ውን ፣ ኣብ ሃገሩ ዘየለ ሰላም - ኣማን - ጸጋ - ፍልጠት ንምርካብ ብሕግን ብዘይ ሕግን ነቲ ዶብ ብምስጋር ነቲ ናይ ቀደም ባህሪኡ ቀጺሉዎ'ዩ።

ደቀ -40፡ ኣርብዓ ዓመት ብምቅጻር ኣብ ኤርትራ ብፍላይ ኣብ ከበሳ ኤርትራ ደቂ ዓዲ የብሉ ነይሮም ፣ ሎሚ'ውን ማእለያ ዘይብሎም ኤርትራውያን ኣብ ናይ ምዕራብ ሃገራት ብምዕቛብ በጻብዕቲ ኢድ ዝቑጸር ዓመታት ኣቅጽሮም ደቂ'ተን ሃገራት ኮይኖም 'ዮም ፣ ብዘይካ'ቶም ኣብኡ ብምውላዶም ብኡ ብኡ ደቂ ዓዲ ዝኾኑ ማለት'ዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ እዞም ኣሕዋትና ነዘን ሃገራት እሙናት ክኾኑ ፣ ነቲ ብደምን ረሃጽን ዝተሃንጸ ንያኦም ዘዕቆበ ፍትሒ ኸኣ ክሓልፍሉ ከም ዝግባእ ምዝኽኻር ኣገዳሲ'ዩ።

ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ከም ቀንዲ ንኤርትራዊ መንነት ዞግለሔ መጠን ጉዳይ ደቀ-40 ከተኩረሉን መስመሩ ከትሕዞን ዘጸግም ኣይነበረን ፣ ግና ብኽርደኣካ ዘይከእል ምኽንያት ከድጎል'ዩ ተገይሩ ፣ እምበር መሰረተ ትውልዲ ኣብቶም ቀዳሞት ወለዶ ዝሕባእን ናይ ቲሕም - ቲሕም ጉዳይ ኣይነበረን ። ንኣብነት መቅድም ሕጊ ለጎጭዋ “ ........ ናብ ኣውራጃ ጽልማን - ሰፍኣን - ሊባን - ናብ ላዕላይ ለጎጭዋን ከበሳ ጭዋን ዝነብሩ ህዝቢ ዓሌቶምን ትውልዶምን ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

ቅድሚ ኹሉ ወለዶኦም ኣሕዋት ደቂ ሳባ እዮም። በብእዋኑ ካብ ትግራይን ዓዲምሓራን እናመጹ ናብዘን ዝሰመናየን ኣውራጃታትን ናብ ወጻኢ ካለኦት ዓድታትን ተቀመጡ። .......... ይብል።

*እዚ ከም ኣብነት ኮይኑ፤ ኣብ በዓል ኣድከመ ምልጋእ ካልእን ክንረኽቦ ንኽእል'ውን ከምዘሎ ፍሉጥ'ዩ፤ ብተወሳኺ ብዙሓት ኣብ ኤርትራ ብደረጃ እንዳን ሰድራን ካብ ዓዲ እገለ ሃገረ እገለ ዝመጻእና እና እበልካ ምዝራብ ዝጸነሔን ዝተለምደን'ዩ ነይሩ።*

*ዝኾነ ኾይኑ ሰውራ ኤርትራ ንጉዳይ ደቀ-40 ኣተሓሕዛ ስለ ዘየጸበቀሉ ፤ እቶም ንኤርትራ ዝተበጀዉ ካብ ደቀ-40 ዝውለዱ ድሕሪ ባይታ ትውልዶም ክሓብኡ ስለ ዝገበሮም ፤ ኣብ ዝተወሰነ ሃዋሁ ጸሬ ኤርትራ ኣጀንዳ ዘለዎ ከም በዓል ምንቅስቓስ ኣጋዓዝያን ነዞም ወለዶ እዚኦም ክምዝምዝ ይሕግዝ ኣሎ።*

*ብኣንጻር'ዚ እቶም ኣብ ኤርትራ ተወሊዶም ዝዓበዩ ፤ ካብ ደቀ-40 ዝውለዱ ፤ ንኤርትራ ዝተሰውኡን ዝደመዩን ፤ ካብቶም ሰለይትን ዓሳክርን ጸላኢ ዝነበሩ “ ደቀባት ” 1000 ግዜ ኤርትራውያን ምዃኖም ክስመረሉ ኣለዎ።*

*ብዝተረፈ እቲ ደቀ-40 (ደምበ ኣንድነት) ኣብ ልዕሊ ደቂ ሃገር (ደምበ ናጽነት) ዘውረድዎ ምጣነ ሃብታዊ - ሃሰያ ስቅያትን መቕተልትን ክሳብ ሕጂ ብኻሕሳ ይኹን ብይቕረ ዘይተዓጽወ ክሳብ ሕጂ ተንጠልጢሉ ዘሎ ነገር'ዩ። (ብዘይካ'ቲ ኣብ ባይቶ ሲነማ ኢምፐሮ ብህላወ በዓል ዶክተር ሳልሕ ከቢረ - በዓል ኣቦና ራስ ተሰማ ካለኣት ዓበይትን ብይቕረ ዝተዓጽወ ናይ ሰዉእ ሽኽ ዓ/ቃድር ከቢረ ኣካላዊ ቅንጸላ )*

*AAHafiz 18/9/2020*